# ኣሕተምቲ ድሮመር ክናወር፣ ቤ/ት ጽባሕ ቤ/ት'ምበር መደበር ታዕሊም ናይ ወተሃደራት ቆልዑ ከምዘይነበረ ተኣሚኖም

## ጋዜጣዊ መግለጺ

### ህያው መሸኻኽር ቤ/ት ጽባሕ - ጀርመን

ንሕና እቶም "ህያው መሸኻኽር ቤት ትምህርቲ ጽባሕ" ብዝብል መጸውዒ ስም ተጠርኒፍና፣ ብነጻ ተበግሶና፡ ኣንጻርቲ ብሰናይት ገብሪሂወት መሓሪ ዝተደርሰ Feuerherz (ብትግርናኛ "ኣሳት ልቢ") ዘርእስቱ ናይ ሓሶትን ጸለመን መጽሓፍ ልዕሊ ክልተ ዓመት ዝወሰደ ሕጋውን ፖለቲካውን መኸተ ከነካይድ ከም ዝጸናሕና ይፍለጥ፡፡
እዚ ኩሉ ሸነኻዊ ደገፍ ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ከምኡ'ውን ናይ ኣባላት ቤት ትምህርቲ ጽባሕን መማህራንን መስረትን ዝነበሩ ካብ ኤሮጳን ሰሜን ኣሜሪካን ኣሰንዩና ዘካየድናዮ ናይ "ዳዊት ኣንጻር ጎልያድ" ዝዓይነቱ ቃልሲ፡ ብዕለት 16.04.2008 ሓደ ዓቢ ክፋሉ ኪነጆ ቤት ፍርዲ ናይ ዕርቂ መደምደምታ ተገይሩሉ፡፡ እቲ ብሸነኽና ዝቐረበ ሕጋዊ ክሲ በዞም ዝስዕቡ ማለት፥

1. ኣልማዝ የውሃንስ (ኪነታዊ ስማ ኣጋወጋሕታ) ስማ ብምጥቃስ ስለ ዝተጸለመት ንነብሳን ኻኹሎም መማህርታ ዝነበሩ ኣባላት ቤት ትምህርቲ ጽባሕን ብምምሳል፥
2. በኒፈር ገረዝጊሄር ኤልያስ፥ ካብ መስረቲ ቤት ትምህርቲ ጽባሕን ኣማሓዳሪን ከም ምንባሩ፥ ንነብሱን ንመስረቲ ኣባላትን መማህራንን ኣለይትን ብምምሳል፥

ተኸሳሲ ሸነኽ ድማ

1. ደራሲት ናይ "Feuerherz" ዝኾነት ሰናይት ገብሪሂወት መሓሪ ፍጹም ሓሶት ዝኾነ ዛንታታት ከም ሓቂ ብምቕራብ ንሰብኣዊ ክብሪ ናይ ኣልማዝ የውሃንስን ንታሪኻዊ ክብሪ ናይ ምሉእ ቤት ትምህርቲ ጽባሕን ስለ ዘጸለመት፥

2. ናይቲ መጽሓፍ ሓታምን ዘርጋሕን ኣብ ጀርመን ዝኾነ ትካል *Droemer Knaur Verlag* ብሰናይት ገብሪሂወት መሓሪ ዝተደርሰ መጽሓፍ ቅድሚ ምሕታሙን ምዝርግሑን ሓቅነቱ ናይ ምምርማር ዘለዎ ሕጋዊ ሓላፍነት ምዝንግዑ፡፡

እቲ ክሲ ናብ ቤት ፍርዲ ይብጻሕ'ምበር ሕጋዊ መስርሕ ኣብ ኣጋ ምጅማሩ ተኸሳሲ ኣካል ቁ.2. (ኣሕተምቲ ድሮመር ክናወር) ኪነጆ ቤት-ፍርዲ ሓደ ዕርቂ ክግበር ብዘቕረብዎ ጻውዒት መሰረት ጠበቓታት ናይ ክልቲኡ ሸነኻት ብዝገበርዎ ኣዋርሕ ዝወሰደ ናይ ውረድ-ደይብ ክርክራት ክልቲኡ ሸነኻት ናብ ዝዓገበሉ ማእከላይ ስምምዕ ክብጻሕ ተኻኢሉ፡፡

ሕመረት ናይ'ቲ ብሓሙሽተ (5) ነጥብታት ዝተጠቓለለ ውዕል ድማ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፤
".. .. ..ሓታምን ዘርጋሕን ትካል *Droemer Knaur Verlag* ነቲ ኣብ Feuerherz ንኣልማዝ የውሃንስ ዝምልከት ዝተዋህባ መግለጺ ዘሕዝን ጌጋ ምዃኑ ብምእማን ስሒቡዎ፡፡ ኣልማዝ (ኣጋወጋሕታ) ከም'ቲ ኣብ'ቲ መጽሓፍ ዝቐረበ ሓለቓ ናይ መዓስከር ወተሃደራት ቆልዑ ዘይምንባራ፡ ከምኡ'ውን ኣልማዝ ብትእዛዛ ቆልዑ ክርሽኑ ከምዘይገበረት እኳ ደኣ ንሳ፡ ኣልማዝ፡ ንባዕላ 12 ዓመት ዝዕድሚኣ ተመሃሪት ናይ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ምንባራ....." ብምእማን ብሰንኪ እቲ መግለጺ ናይቲ መጽሓፍ ኣብ ልዕሊ ኣልማዝ ንዝወረደ ሃስያታት ብዘይ ሕጋዊ ኣፍልጦ ግን ድማ ሕጋዊ ግዴታ ብዘለዎ ፈጽሚ ይኽሕስ.. ..

እቲ ካልእ ዝርዝራት ናይቲ ውዕል ብዝምልከት ክልቲኡ ሸነኻት ንዘይምትንብሁ ተሰማሚዑ፡፡

እዚ ስምምዕ'ዚ ሓደ ብጉሉህ ዘነጸሮ ጉዳይ ኣሎ። ንሱ ድማ፡ ኣልማዝ የውሃንስ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጽባሕ ተማሃሪት ምንባራ ብምእማን፡ ሰናይት ገብርሂወት መሓሪ'ውን ኣብ'ቲ ኣልማዝ የውሃንስ ዝነበረትሉ ቦታ ምንባራ ባዕላ ስለዝተኣመነትን ንኣልማዝ የውሃንስ ኣጸቢቓ ከም

እትፈልጣን ትዝክራን ስለዝገለጸትን፡ ንሳ'ውን ባዕላ ከም'ቲ ኣብ ናይ ሓሶት ታሪኽ ህይወታ ዝበለቶ ቆልዓ ወተሃደር ዘይኮነትስ ተመሃሪት ምንባራ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ሰናይት ገብርሂወት መሓሪ ኣካል ናይ'ዚ ስምምዕ ክትከውን ፍቓደኛ ስለዘይኮነትን፡ ብኣንጻሩ'ኳ ደኣ እታ ኣብ መጽሓፈይ ዝጠቐስክዋ ኣጋ ወጋሕታ እዛ ኣልማዝ እዚኣ ኣይኮነትን ናብ ዝብል ሓድሽ ናይ ምድንጋር ወፍሪ ብምእታዋን፡ እቲ ኣንጻራ ኣብ ቤት ፍርዲ ናይ ሃምቡርግ ተኸፊቱ ዘሎ ክሲ ክቕጽል'ዩ። ብተወሳኺ ድማ ነቲ ኣብ'ዚ ናይ ሓሶት መጽሓፍ'ዚ ተመርኲሱ ዝተሰርሐ ፊልም ፎየር ሀርዝ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ ከይርአ ጠጠው ንምባሉ እንገብሮ ስራሕን፡ ነቲ ኣብ ዝተፈላለየ ሃገራት ናብ እተፈላለየ ቋንቋታት ተተርጕሙ ተዘርጊሑ ዘሎ መጽሓፍቲ ጠጠው ናይ ምባል ሕጋዊ ምንቅስቓስን ከም ናይ ቅድሚ ሕጂ ጸኒዕና ክንቅጽሎ ብምዃና፡ ናይ ኩሉ ፈታዊ ሓቂ ምትሕግጋዝ ንሓትት።

ኣብርሃም ምሕረትኣብ
ኣፈይና ህያው መሰኻኽር ቤ/ት ጽባሕ
በርሊን 1 ጉንበት 2008